## ባዕለይ መሪጸ'የ ኣብ ዉሽጢ ዝሓድር

ብዕሽነቱ እንተበሃጋ
ወዲቑ ኣብ ጌጋ፡
ምስ ስሰዐው እንተመጻ
ኣቕቢጻ፡
እንተፈተና ምስ ክፉኡ
ኣይተረኽበን በቒዑ፡
እንተፈተና ብሓይሉ
ኣይኮነሉን ፈሺሉ፡
ክዉንነኪ እንተበላ ብጻዕሩ ብልፍዓቱ
ጻማኡ ኮይኑ ከንቱ፡
እንተሓበለ ክጥርያ
ኣብያ፡
ፍልጠት!
ብማዕዶ ኮይና እንከይተርኣየት፡
ኣነ ዘለኹ ቅድሚ እዚኦም ኩሎም
ንዓይ እንተትረክብስ ኣይምኸድካን ናብኦም!
ስለምንታይ ኢኻ'ኸ ትደልየኒ?
ንስኻ እኮ ኣይኮንካን ትፈልጠኒ፡
መሪጸ ብዕለይ'የ ኣብ ዉሽጢ ዝሓድር
ምሽጥረይ ክነግር፡
ኢላ ተዛሪባቶ
ነቲ ዘይደለየቶ።

## ሓልዮት ንደቒ ኣንስትዮና

ሕብረተ-ሰብ ኣብኣን ተሰሪቱ
እንከሎ ብዘይከኣን ዘይመርሕ ሂዎቱ፡
ነተን ደቒ ኣንስዮና
መሬት ኩላህና
ንዓብየለን ቦቒልና፡
ስለምንታይ ንኾነን ፃህያይ
ዘይጠቅም በላዓይ?
ኣደነተን እባ ከይርመስ ከይደክም!
ሕብረተ-ሰብ እዉን ከይዝኽትም፡
ሓደራ ንዕኣን ነልምዕ ስለኣን ንጠንቀቕ
ኣይነባድመን ኩሉ ከይሃልቕ።

## ኣይትኹን ከማይ

ብዓባያ እታ ስጋ
ብዓይኒ እናፅገበት ብኣጋ፡
ብፃዩ እንተቐረቦ
ዝቑጣዕ ብዓንተቦ፡
ዘይርድኦም ቁዋንቁዋ ከልቢ
ይመስሎም ከየካፍል ዝኣቢ።
ግን እቲ ኹሉ ዝሃግሮፎ
መስ ፀገበ ንዝገድፎ
ምፍርራሕ ሑሕሑ
ትርጉሙ እንተተፈቲሑ፡
ማለት እዩ ነይሩ ብላዕ ተረፈይ
ኣይትኹን ከማይ።

## መደመርታ መወዳእታን ማዕዶ ንማዕዶ

ጣዕሳ እንከይመፀ
ተስፋ እንከይተቐብጸ፡
ዘንቀደሉ ከምዘይሰልጠ
ከይደኸመ ከተፍልጠ፡
ብዕንቅፋት ጌራ
ብእብይብይ ኣደናጊራ፡
ብዛዕባ መማዕዱውታ
ምሽጥር እናተንፈሰቱሉ ስለ ሓልዮታ፡
ንዒቑዋ ንመደመርታ
ኣስተውዒሉ ከይሓታ፡
ስኽ ኢሉ ከይዱዋ ንመወዳእታ
ኣብዘይትነግሮ መምለሲኡ
ንኽተርፍ ጠፊኡ።

## ዘበነ-ኹፉኣት

ብድንገት መጺኡ
ሰይጣን ካብስፍራኡ
ንሰማዕቱ ጸዊዑ፡
ደጊም ኣኺሉ እሞ ሰዓቱ
ዘበንኩም ክኣቱ፡
እንሆ ንልብኹም ብኽፍኣት መሊኤዮ
እንሆ ዓይንኹም ጽልኢ ኣርኢየዮ፡
በሉ ንቐዳድም ኣጥፍኡለይ ነቶም ለባማት
ዝብለኩም እንክትሰርሑ ከይከኑ ዕንቅፋት።
ኢሉ ሃቦም ሓደራኡ
ህዉከት ንኽዘርኡ።

## ሰለማዊ ቃልሲ

ዝበሃግናዮ ክብረት
ዝጸማእናዩ ነጻነት
ዝሓለምናዮ ቅሳነት፡
እንደልዮ ሲኢና
ኣብዘይንረኽቦ ኣቤት ኢልና፡
ኮርየ ኢሉ ዝተሓንገጣ
ምስኮነሉ ንዘይቕምጣ፡
ንጠበንዳ ኣይንሃባ ስልጣን
እምነት ሓደራ ኣይግብኣን፡
ንሳ እንከላ የለን ምስምማዕ
ንሳ እንከላ የለን ርእሲ ምቕናዕ፡
ብእኣ ዝመጸ ብእኣ እዩ ዝጸንዕ።

**Back to Meskot**

---

*The views reflected in the above poems are solely of the author and are not necessarily shared by Meskot. You may contact Amanuel Belay for comments at amanbelay3@yahoo.ca.*